መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# እቲ ፍቑር ውሉድ፡ ባርያ ኮይኑ



ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- Byron Unger; Lazarus
Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ M. Kerr; Sarah S.

ትርጉም ፥ Daniel Efrem

ኣባዛሒ:- Bible for Children
www.M1914.org

©2020 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

ኢሳቅ ብጣዕሚ ሕጉስ እዩ ነይሩ። ያቆብ ድማ ኣብ ቤት ተቀሚጡ
ነበረ።ኤሳው ውን ሓደ ግዜ እኳ ንያቆብ ክቀትሎ ሓሰቡ እንተ ነበረ፡
ሕጂ ግን ደስ ኢልዎ እዩ ተቀቢልዎ። ደቂ ያቆብ ግን ብሓዎም
ዮሴፍ ሕጉሳት ኣይነበሩን፡ እቲ ምኽንያት ከኣ ኣቦኦም
ንዮሴፍ ብፍሉይ ይፈትዎ ምንባሩ እዩ።



ኣሕዋት ዮሴፍ፡ ሕልሙ ምስ ነገሮም ብጣዕሚ እዮም ሓሪቖም። " ናተይ እንዳእቲ ካብ ኩሉ እንዳእቲ ንላዕሊ፡ ነዊሕ ነበረ። ናትኩም እንዳእቲ ድማ ነቲ ናተይ እንዳእቲ ሰገደሉ" ኢሉ ዮሴፍ ሕልሙ ነገሮም፡፡ እዚ ሕልሚ ዮሴፍ ካብ ኩሎም ኣሕዋቱ ንላዕሊ ክቡር ክኸውን እዩ ማለት እዩ፡፡





ኣብ ካልኣይ ሕልሚ ናይ ዮሴፍ፥
ጸሓይ፥ ወርሕን ከዋኽብትን
ክስግድሉ ከለዉ እዩ ርእዩ።
ምስነገሮም ኣብኡ ያቆብ እኳ፥
በዚ ሕልሚ ሕጉስ ኣይነበረን።
ምኽንያቱ ዮሴፍ ካብ ወለዱ
ንላዕሊ ክቡር ክኸውን ኢዩ
ማለት እዩ፡፡

ሓደ ግዜ ያቆብ፡ ናብ'ቲ ኣሕዋቱ ኣባጊዖም ዝጓስይሉ ቦታ ንዮሴፍ ሰደዶ።
ናብኣቶም ገጹ ክመጽእ ምስ ረኣይዎ ከኣ፡ "ንዑ ነዚ ሓላሚ ንቕተሎ" ኢሎም
ተማኸሩ። ዮሴፍ ግን ኣሕዋቱ ዝሓሰብሉ ክፉእ ሓሳብ ኣይፈለጠን።



ሮቤል፥ እቲ ዓቢ ሓዎም ግን ምስ ሓሳቦም ኣይተሰማምዐን፡ "ደም ከነፍስስ የብልናን" ድማ በሎም። "ርኣዩ!፡ ኣብዚ ጉድጓድ ኣሎ።ኣብዚ ንደርብዮ" እሞ፡ ኣብኡ ይሙት!"፡በሎም ምስ መሰየ ካብቲ ጉድጓድ ከውጽኦ እናሓሰበ፡፡



ዮሴፍ እቲ ዝኮነ
ከይፈለጠ ናብ
ኣሕዋቱ ምስ መጸ ከኣ
ሒዞም፡ ነታ ጽብቕቲ
ኣብኡ ብፍሉይ ንዕኡ
ኢሉ ዘስርሓሉ ጁባ
ቀንጠጥዎ። ብድሕሪኡ
ከኣ ናብ ኣዝዩ ክፉእ
ጉድጓድ ደርበይዎ፡፡



ሮቤል ኣብ ዘይነበረሉ እዋን ድማ፡ ናብ ግብጺ ዝኸዱ ነጋዶ ምስ ኣግማሎም በቲ ቦታ ይሓልፉ ነበሩ። ይሁዳ ሓዎም ድማ ክሓልፉ ምስ ርእዮም፡ "ንዑ ንዮሴፍ ንሸጦ" በሎም። ምስቶም ነጋዶ ንምሻጡ፡ ዋጋ ተሰማምዑ። ንዮሴፍ ከኣ ብዕስራ ብሩር ሸጥዎ።



ዮሴፍ፡ ዝረድኦ ዘይብሉ፡ ካብ ዝፈትዎም ስድራቤቱን ዓዱን ርሕቂ ናብ ዘይፈልጦ ቦታ ይኸይድ ብምንባሩ ፈሪሑ ፡ ይበኪ ነበረ።





"እዚ ናይ ዮሴፍ ጁባ ድዩ?
ብደም ዝተባላሸወ እዩ፡፡ ኣብ
በረኻ ኢና ረኺብናዮ" እቶም
ጨካናት ኣሕዋት፡ ዮሴፍ ኣብ
በርኻ ኣራዊት በሊዕዎ ኢሉ
ንክኣምን ንያቆብ ዝበለዎ እዩ።
ያቆብ ዮሴፍ ሞይቱ ኢሉ ክዳኑ
ቀደደ ብዙሕ ውን በኸየ።
ብድሕርዚ ያቆብ ዋላሓደ
ከጸናንዮ ኣይከኣለን።



ኣብ ግብጺ፡ ዮሴፍ በይኑ
ብምኳኑ ፈሪሑ ነበረ።
ግን ናብ ገዝኡ ክምለስ
ኣይክእልን እዩ። ንሱ ኣብ
እንዳ ጰጢፋር እቲ ክቡር
ሓላፊ እዩ ባርያ ኮይኑ፡፡
ጰጢፋር ዮሴፍ ትጉህ ኣብ
ስርሑ ድማ እሙን ምኳኑ
ይርእዮ ነበረ።

ሓደ ግዜ'ዩ "ንስኻ ዝሰራሕካዮ፡ ኩሉ ጽቡቕ እዩ ዝኸውን" በሎ ጶጢፋር ንዮሴፍ።"ኣምላኽ ምሳኻ እዩ! ፡ ስለዚ ኣብ ኩሉ ቤተይ ንስኻ ዝለዓልካ ኣዛዚኢን ሓለቃ ናይ ኩሎም ባራዩን ክትከውን ኢካ" በሎ።



ኣምላኽ ድማ ዮሴፍ ኣብኡ
ብምህላዉ ፡ ንቤት ጶጢፋር ባረኻ፡
ብዙሕ እቶት ድማ ሓፈሱ፡፡በዚ
ድማ ዮሴፍ እሙን ኮይኑ ንጎይትኡ
ጶጢፋር የገልግሎ ነበረ።ሓደ
መዓልቲ ግን ንዮሴፍ ፈተና መጸ።



ሰበይቲ ጶጢፋር ተንኮለኛ እያ ነይራ። ንሳ ዮሴፍ ኣብ ሰብኣያ ጶጢፋር ክፉእ ክገብር እያ ኣዚዛቶ። ዮሴፍ ግን ንሓሳባ ኣይተቐበሎን። ንጶጢፋር በዲሉ፡ ኣብ ኣምላኽ ሓጢኣት ኣይሰርሕን እየ ድማ በለ።

ሰይቲ ጶጢፋር ብሓይሊ ክትብሎ
ምስ ሓሰበት ከኣ፡ ዮሴፍ ሃደመ፡፡
ንሳ ግን ነቲ ለቢስዎ
ዝነበረ ጁባ ሓዘቶ፡፡



"እቲ ባርያኻ ክፉእ ገበረኒ!" ሰይቲ ጶጢፋር ኣጕረምረመት።"ርአ! ጁባኡ እንሆለ" በለት ወሲኻ። ጶጢፋር እዚ ምስ ሰምዐ ተቖጥዐ። ምናልባት ሰበይቱ ትሕስዎ ከምዘላ ይርድኦ ነይሩ፡ ግን ገለ ነገር ክገብር ኣለዎ። እንታይ ኮን ይገብር ይኸውን!?





ጾጢፋር ንዮሴፍ ኣብ ቤት ማእሰርቲ
ኣእተዎ። ሽሕእኳ ንጹህ እንተነበረ፥
ዮሴፍ ግን በዚ ኣይሓረቐን። ካብቲ
ዝሓለፎ ኩነታት፥ ዮሴፍ ፥ ኣብ
ዝሃለወ ኩነታት ይሃሉ ንኣምላኽ
እንተ ኣኽቢርዎ ኣምላኽ ውን
ከምዘኽብሮ ተረዲዎ ነበረ።
ዋላ ኣብ ቤት ማእሰርቲ!

እቲ ፍቑር ውሉድ፡ ባርያ ኮይኑ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ዘፍጥረት 37፡ ዘፍጥረት 39

“ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።” መዝሙር 119፣130


መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና
ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና
ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና
ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣
እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም
ጎይታናን መድሓኒናን ተቐቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን
ኣበሳናን እቕረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ
ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም
ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን
ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ
ክኾውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ
ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ 3፡16